**Är du utsatt för våld i en nära relation? - Tigrinja**

# ብመቕርብካ ንዓመጽ ተቓሊዕካ/ኪ’ዶ ትፈልጥ/ጢ?

ዓመጽ ኣብ መቕርባት ብዙሕ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል። ሓደሓደ ግዜ መጻምድትኻ ንዓመጽ የቃልዓካ፤ ስሕት ኢሉ ኸኣ ካልኦት ኣዝማድካ (መቕርብካ)። ቈልዑ’ውን ንወለዶም ንዓመጽ ኬቃልዕዎም ይኽእሉ’ዮም። ዓመጽ ስነ-ኣእምሮኣዊ: ኣካላዊ ወይ ወሲባዊ ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት: ንገለ ካብዞም ዚስዕቡ ዚምልከት ኪኸውን ይኽእል፤ እቲ ንዓመጽ ዜቃልዓካ ሰብ:-

- ሕማቕን ሕሱምን ጸርፊ ይጸርፈካ/ኪ፤ ወይ ሕማቕን ኣሸጋሪ/ትን ምኳንካ/ኪ የስምዓካ/ኪ
- ይደፍኣካ/ኪ: ይወቕዓካ/ኪ: ይቖልዓካ/ኪ: ወይ ብኻልእ ኣገባብ ይጐድኣካ/ኪ
- ይቈጻጸረካ/ኪ: ይድርተካ/ኪ፤ ዘይደለኻዮ/ኽዮ ነገር ክትገብር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ጠባይካ/ኪ ወይ ቅዲ ህይወትካ/ኪ ክትቅይር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ንርክብ ስጋ ይግድደካ/ኪ
- ንቍጠባኻ/ኺ ይቈጻጸር

**ንዕቍባን ደገፍን መሰል ኣሎካ/ኪ**

ዝኾነ ሰብ ብመቕርቡ ዓመጽ ኪወርዶ ይኽእል’ዩ። ንዓመጽ ዝተቓላዕካ/ኪ: ሓበሬታ ክትረክብ/ኽቢ: ዕቍባን ደገፍን ክትረክብ/ኽቢ: ብኣኽብሮትን ብምድንጋጽን ክትተሓዝ ኣለካ። መሰልካ/ኪ እዩ። ደቂ እንተ ኣሎዉኻ/ኺ እውን ደገፍ ኪረኽቡ መሰል ኣሎዎም።

**እዞም ዚስዕቡ ደገፋት ምርካብ ይከኣል:-**

- ዝርርባዊ ደገፍ
- ዕቍባን ግዜያዊ ገዛን
- ቍጠባዊ ሓገዝ
- ምስ ካልኦት ትካላት መንግስቲ ርክብ ንምግባር (ንኣብነት ምስ ፖሊስ) ደገፍ ምሃብ።

ምሳና ርክብ ግበር/ሪ’ሞ ክንሕግዘካ/ኪ ኢና። ስምካ ክትሓብእ/ኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ኵሉሳዕ 112 ደውል/ሊ።

**ዚርከብ ሰብ:**

- **ንጥፈት:** Vuxenenhetens mottagningsgrupp
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 08-58169000
- **መካነ-መርበብ:** www.upplands-bro.se
- **ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ::** Furuhällsplan 1, Kungsängen

**Nationellt stöd - Tigrinja**

# ሃገራዊ ደገፍ

**Kvinnofridslinjen 020-50 50 50**

ሃገራዊ ደገፍ ብስልኪ ነቶም ምጉብዕባዕ ወይ ዓመጽ ዘጋጠሞም። ሸወደንኛ ዘይትኽእል እንተ ኾይንካ’ውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።ብናጻ ኢኻ ትዛረብ፤ እቲ ዝርርብ ከኣ ኣብ መኽፈሊ ስልኪ ኣይወጽእን’ዩ። ስምካ ምሕባእ ይከኣል’ዩ።

www.kvinnofridslinjen.se

**BRIS 116 110**

ደገፍ ብስልኪ ንንኡሳን ዕድመ። ኢመይል ምስዳድ ወይ ቻት ምግባር ይከኣል። ስምካ ምሕባእ ይከኣል’ዩ።

www.bris.se

**RFSL:s brottsofferjour 020-34 13 16**

ደገፍ ብስልኪ ነቶም ንገበን ወይ ዓመጽ ዝተቓልዑ ሆሞሰክሸዋላት: ባይሰክሸዋላትን ትራንስ-ሰባት ወይ ኲር (queer)

www.rfsl.se/brottsoffer/

**Terrafem 020- 52 10 10**

ደገፍ ብስልኪ ነቶም ንገበን ዝተቓልዑ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ደገፍ ምርካብ ይከኣል። ብናጻ ኢኻ ትዛረብ፤ እቲ ዝርርብ ከኣ ኣብ መኽፈሊ ስልኪ ኣይወጽእን’ዩ። ስምካ ምሕባእ ይከኣል’ዩ።

www.terrafem.org

**Brottsofferjouren 0200-21 20 19**

ደገፍ ብስልኪ ነቶም ንገበን ዝተቓልዑ። ሸወደንኛ ዘይትኽእል እንተ ኾይንካ’ውን ክትድውል ትኽእል።

www.boj.se

**Andra i kommunen som erbjuder stöd - Tigrinja**

# ኣብ ኮሙን ደገፎም ዚህቡ ካልኦት

ኣድራሻ ናይቶም ኣብዚ ኮሙን ዚርከቡ ደገፍ ኪህቡ ዚኽእሉ: ንኣብነት: ቮርድሴንትራል (vårdcentral): ክቪኖሹር (kvinnojour) ወይ ብሮትስኦፈርሹር (brottsofferjour) ካብዚ ስዒቡ ተዘርዚሩ’ሎ።

- **ንጥፈት:** Kvinnojouren Anna
- **ኣድራሻ ኢ-መይል:** info@kvinnojourenanna.se
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 08-58240999
- **መካነ-መርበብ:** www.kvinnojourenanna.se